# ኤርትራዊ ምሕዝነት

ዕላዊ ልሳን ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ (ሃ.ም.ኤ)
ነሓሰ-መስከረም 2003 5ይ ዓመት ቁጽሪ 17

# ርእሰ ዓንቀጽ

## ዕማም ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ስቪካዊ ማሕበራትን ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያንን ደኣ'ምበር ናይ ውሱናት ተቓወምቲ ውድባት ወይ ሲቪካዊ ማሕበራት ወይ ውልቀሰባት ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያንን ኣይኮነን።

ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ሓድነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ዝላ ንቅድሚት እዩ። እዚ ድሕሪ ከባቢ ናይ ፍርቂ ዘመን ህዝብና ንሓድነት ተቓለስቲ ሓይልታቱ ዝገበሮ ተጋድሎ ዝተረጋገጸ ሓድነት እዚ ብቀሊሉ ዝተረጋገጸ ኣይነበረን። እዚ ኘኹሉ ዓቅምታት ሰውራና ኣብ ክሊ ስራሕ ሃገራዊ ግንባር ብምጥርናፍ ብቐዳምነት ኣንጻር ናይ ሓባር ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ግንባር እዚ ንሕሉፍ ናይ ምንጽጻግን ዘይሃናጺ ምውድዳራትን ኣሉታዊ ተመክሮ ብሃናጺ ናይ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ውድባዊ ነጻነት ናይ ነፍስ ወከፍ ተቃላሳይ ሓይሊ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ ብምኽባርን ዝተበገሰ ምሕዝነት'ዚ ብናይ ገዛእ ርእሱ ቃልስታት ጥራሕ ዝተረጋገጸ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ ብጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ኲናት ዘባረዐ ስርዓት ህግደፍ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘሳጠሐ ኣብ ዞባና ዝተኸሰተ መጠነ ሰፊሕ ኣዕናዊ ኲናት ብክውንነቱ ኘኽምስረት ኣብ ምቅልጣፍ ናቱ ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ከም ዝነበሮ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እዚ ነንሕድሕዱ ብምቅብባልን ምክብባርን ናይ ሕብረ-ውድባዊ /ሰልፋዊ/ ናይ ፖለቲካል ደሞክራሲ ተመክሮ በብግዝየኡ እናተመከሮን እንዳኣማዕበለን ዝመጸ ኣውንታዊ ሓድነታዊ ተመክሮ'ዚ ሒዙ እናተጓዓዘ እንከሎ'ዩ ብሰንኪ'ቲ ካብ ኲናት ወጻኢ ክነብር ዘይክእል ስርዓት ህግደፍ ዝተባርዐ ናይ ኤሪትሮ-ኢትዮጵያ ኲናት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቁ ውሽጣዊ ግርጭታት እቲ ገዛኢ ስርዓት ተተኲሱ ሓደሽቲ ምዕባለታት ዝተኸሰቱ። እዚ ምዕባለታት እዚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ወጻኢ እውን እንተኾነ ነቲ ስርዓት ዝድግፉ ካብ ዝነበሩ ይኹኑ ዘይድግፉ ዝተፈላለዩ ምንቅስቃሳትን፣ ሲቪካዊ ማሕበራትን ህዝባዊ መጋባኣያታትን (Public Forum) ምሁራን ግዱሳት ሃገራውያንን ጋዜጠኛታትን ብብዝሒ ኣብ መድረኽ ወጺኦም ተቃውሞታቶም ከሰምዑ ዝኾኑ። ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ነዚ ኣብ ሃገርና ዝተኸሰተ ቅልውላው እዚ ንቃልስና ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዘሰጋግር ምዕባለታት እዝን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ተደላይነት ዝሰፍሐ ናይ ተቃውሞ ግንባር ዝረጋገጸሉ መድረኽ ብምርኣይ እዩ ኣብቲ ሽዑ ካብቲ ስርዓት ዝተፈልየ ተቓውሞ ዝገበረ ህግሓኤ ሰልፊ ደሞክራሲ ኣትሒዙ ኩሎም ምንቅስቓሳትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ምሁራንን ኣገደስቲ ውልቀሰባት ሃገራውያንን ዝሳተፍዎ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር ኘኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ጻውዒት ዝገበረ። ነዚ ታሪኻዊ ጻውዒት እዚውን ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብሓባር ተግባራዊ ንምግባር እውን እዩ ተበግሶ ብምውሳድ ኣብ ወጻኢ ምስ ዝተፈላለዩ ተቓወምቲ ኣካላት ሃናጺ ናይ ልዝብ ፍልመ ርኽክባት ብምክያድ'ዩ ንምዕዋቱ ኣብ ህዝባውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ከይተረፈ ጽዑቕ ምንቅስቓሳት ዘካየደ።

ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ታሪኻዊ ኩነታትን ምቅርራባትን እንከሎ እዩ እቲ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ንውሽጣዊ ሓድነት ሓይልታት ሰውራናን ህዝብናን ብኣሉታ ዝጸለወ ተርእዮ ዝተኸሰተ። ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ እዘን ዝጸንሓ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕጽረታትን ካብ ቁጽጽሩ

ወጻኢ ዝኾነ ዝገጠሞ ጸገማትን ተደማሚሩ ጉዕዞ ተበግሶ ሓድነታዊ ቃልስና ልሙጽ ኮይኑ ብኣግኡ ኣብ መዕረፊኡ ኽበጽሕ ግዝያዊ ጸገማት ኪጋጥምዎ ኮይኑ ከምዝጸነሐ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ነዚ ብቃልሲ ብምስጋር ሕጂ'ውን ንምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ብዘሎዎ ዓቅሚ ኩሉ ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ከማልእ እኳሙ ከበርክት ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ ኣሎ።

እዚ ኮይኑ እቲ ኩውን ሓቂ ገለገለ ሃገራውያን ነዚ ግዚያዊ ጸገማት'ዚ መዝሚዞም ነዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ኣብ ክሊ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፉ ዝቃለስ ሓይልታት ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ቃልሲ ዘሎዎም ግድን ኣብ ምውዳብ ሃገራዊ ዋዕላ ክጻወትዎ ዝኽእሉ ተራን ብምንእኣስን ንዕኡ ሰጊርካ ሃገራዊ ዋዕላ ባዕልኻ ናይ ምስልሳል ዝንባሌታት ክቅልቀሉን ብውሽጥ ውሽጥን ብቅሉዕን ጎስጓሳት ካብ ምክያድ ኣትሒዞም ክሳብ ንነብሶም ከም ወከልቲ ናይ መላእ ህዝቢ ብምቁጻር ብስም ህዝቢ ዝምድር ደረቱ ዝሓለፈ ኣረኣእያታት በብግዝየኡ በሎቕ ይብሉ ከምዝጸንሑን ከምዘለዉን ዘይካሓድ ሓቂ እዩ። ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ነዚ ኹሉ ብጽሞናን ብትዕግስትን ክሰምዖን ክከታተሎን ከምዝጸነሐ እውን ዝፍለጥ እዩ። ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ እቲ መርሖ ናይ ቃልሲ ክሳብ ናብ ዘየድሊ መኣዝን ዘይከደ ከኣ ኾኹሉ ብምጽውዋርን ምክእኣልን ርእዩ ክሓልፎ'ውን ጸገም ኣይነበረን። ስለዝኾነውን'ዩ ተቐዳዲሙ ኣብ መልስታት ምሃብ ዘይተሃወኸ። ሕጂ'ውን "ክምብል በለ እምበር ኣይተኸዓወን" ከምዝበሃል ሰኣን እኹል ሓበሬታ ዝባሃል ብዙሕ ክኸውን ስለዝኽእል ኩልና እህን ምሂን ኢልና እቲ ቅኑዕ መርሖ ኣብ ምትሓዙ እኳምና ክንጻወት ስለዘለና ኣብዞም ዝተጠቀሱ ጉዳያት ብሸነኽና ዝተወሰኑ ነገራት ኣልዒልና ክንዛረብ ንፈቱ። መጀመርያ እቶም ናብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ጫፍ ዝበጽሑ ኣታሓሳስባታት ክበጽሑ ካብ ዝገበሩ ረቛሒታት ሓደ፣ እቲ ኣብ ውሽጢ'ዚ ትሽዓተ ኣዋርሕ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዘሓለፎ ክውንነት (ጸገማት) ናቱ ተራ ዘሎዎ ምዃኑ ዘይካሓድ ሓቂ እዩ። እዚ ይኹን ደኣ እምበር ዝኾነ ብቁዕ'የ ዝብል ውልቀሰብ ምሁር ይኹን ግዱስ ሃገራዊ ሃ.ም.ኤ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ኣትሒዙ ብድሕሪኡን ዝነበረ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕጽረታትን ካብ ቁጽጽሩ ወጻኢ ዝገጥምዎ ጸገማትን ብጉቡእ ገምጊሙ ምሕዝነት ምስ ኩሉ ድኽመታቱ ብቐዳምነት ነዚ ብኽንደይ ቃልሲ ዝተበጽሐ ናይ ሃ.ም.ኤ ኣውንታዊ ሓድነታዊ ጉዕዞ ብምዕቃብን ብምሕብሓብን ዝህልዎ ሕጽረታት ብሃናጺ መንገዲ ክማዓራረዩ ብምቅላስን ክንድታ ዓቕሙ መሪሑ ግዲኡ ንምጽዋት እዩ ብቐዳምነት ክረባረብ ዝግባእ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ምስቶም ኩሎም ካልኦት ሃገራዊ ሓይልታት ሲቪካዊ ማሕበረሰባት ናብቲ ክበጽሖ ዘሎዎ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ መድረኽ ከሰጋገሩ ናቱ ኣውንታዊ ተራ ብምጽዋት ዝብጻሕ ደኣ'ምበር ንዕኡ ሰጊርካ ወይ እውን ንዕኡ ተርኡ ኣነኣኢስካ ንነብሰኻ ከም ሓደ ወኪል ናይ መላእ ህዝቢ ቆጺርካ ንሕቶ ውክልና ብሕጋውን ፖለቲካውን ዓይኒ'ውን ኣብ ግምት ከየእቶኻ ብናይ ህዝብኝነት (Populist) ኣታሓሳስባታት ተዓብሊኹኳ ምምዳር ንዝሰፍሐ ምጥርናፍ ሃገራዊ ሓይልታት ሲቪካዊ ማሕበራትን ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያን ዝረጋገጸሉ ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕቃብ ወይ ንምውሓስ ዝሕግዝ ኣይኮነን። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ብሓፈሻ ነቲ ብኹሉ መልክዓት ዝቃለስ ዘሎ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ግቡእ ግዲኡ ኽይጻወት ብምግባር ካልኣዊ ፍልልያቱ ኣብ ክንዲ ብብቕዓት ኽእርንብን ክውግንን ዝሕግዞ መሊሱ ክዓሙቕን እቲ ዋዕላ ክንተትን እዩ ዝገብር።

ነዚ ሃገራዊ ሓይልታት'ዚ ተርኡ ኣትሒትካ ብምርኣይ ተራኻ ከኣ ኣዕቢኻን ከምወሳኺን ጌርካ ብምቑጻር ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ኣታሃላልዋ ህዝቢ ብፍንው ዘይኮነስ ብውዱብ ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ምንቅስቓሳቱን ሲቪካዊ ማሕበረሰባቱን ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያን ተቓለስቲ ውልቀሰባትን ኣቢሉ ዝምስል ምዃኑ ምዝንጋዕ ትኽክል ኣይኮነን። ብስም ወከልቲ ህዝቢ ንሕና ኢና እናተባህለ ዝካየድ ዘይቅኑዕ ጎስጓሳት ብተግባር ሃገራዊ ዋዕላ ብናይ ኩሎም ተቓወምቲ ግቡእ ተሳትፎን ዓወትን ክወጽእ ዝገብር ዘይኮነስ ብጸቢብ ጉጅላዊ ፣ ወገናዊ፣ ትምክሕታዊ፣ ከምኡውን ጸቢብ ዘይደሞክራስያዊ ኣታሓሳስባት ክሰፍንን ልዕልና ናይዚ ኣታሓሳስባ'ዚ ገዛኢ ክኸውን ካብ ምግባር ካልእ ትርጉም ዘለዎ ኣይመስልን። ናይዚ ኹሉ ሕመረት በዚ-በለ-በቲ ሕቶ ስልጣን ኮይኑ ሃ.ም.ኤ ሕቶ ስልጣን ክብሕት ስለዝደሊ'ዩ ኢሉ ይኽሰስ ደኣ'ምበር እቲ ሓቂ ብግምጣሉ ከይከውን'ዩ ዘስግእ። ንሕና ከም ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ እዚ ኣታሓሳስባ'ዚ ሳኣን ብቁዕ ሓበሬታን ኣፍልጦን ዝግበር እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ ነቶም ኩሎም ብዛዕባ'ዚ ጉዳያት'ዚ ኣልዒሎም ስግኣታቶም ዝገልጹ ግዱሳት ወገናት ምናልባት ካብ ስግኣታቶም ከናግፎኦም ዝኽእላ እንተድኣ ኮይነን ክነረጋግጸሎም እንደሊ ክልተ ኣገደስቲ መሰረታውያን ነጥብታት ክነልዕል ንፈቱ።

1. *መጀመሪያ ብሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ወጺኣ ዘላ ሽማግለ ብዛዕባ ምርግጋጽ ሃገራዊ ዋዕላ ብዝምልከት ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት እትዝቲ ናይ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ናይ ዘተ ሽማግለ ደኣ'ምበር ናይ መላእ ተቓወምቲ ሓይልታትን ምንቅስቓሳትን ሲቪካዊ ማሕበረሰባትን ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያን ውልቀሰባትን ናይ ዘተ ሽማግለ ወይ ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣይኮነትን። ዕማም ናይዛ ሽማግለ እዚኣ ከኣ ካብ ብኸመይ ነዚ ዋዕላ እዚ እተሰናድእ ሽማግለ ካብ ኩሎም ተቓወምቲ ኣካላት ትቀውም ኣትሒዛ ክሳብ እንታይ ዛዕባታት እቲ ዋዕላ የጠቓልንን ብኸመይ ናብኡ ንምብጻሕን ንምዕዋቱን ብፖለቲካውን ዜናውን ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ቅድመ ተደላይነታት ብኹሎም ዝምልከቶም ኣካላትን ካብ ፈተውትን ምድላዋት ይግበርን፣ ኣበይ ቦታን ብኽንደይ ዓቕሚ ተሳታፋይን ክእቶ ይኸውንን ሓሳባት እተዋህልንን ኣብ ናይ ሓባር ተረድኦ ኽክትበጽሕን ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ርኽክባትን ምምያጣትን እተካይድ ናይ ሃ.ም.ኤ ናይ ልዝብ ሽማግለ ደኣ እምበር ኻልኦት ተኪኣ እትውስን ሽማግለ ኣይኮነትን። እዚ ጥጡሕ ባይታ ናይ ምፍጣር ቅድመ ተደላይንነትታት'ዚ ምስተረጋገጸ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ቆይማ ነዚ ጥጡሕ ባይታ'ዚ ናብ ጭቡጥ ተግባራዊ ዕማም ንምስግጋሩ ኩሉ ነቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዘድሊ ዕማማት ሲኢላ ሕቶ ውክልና ብፍትሓውን ርትዓውን መንገዲ መሊሳ ንምርግጋጹ ትረባረብ።*

2. ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን እቲ ቀንዲ ዕማም ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ንሓድነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘውሕሱ ኣብ መሰረታዊ ሃገራዊ መቆሚያታት ንምስምማዕ ዘተ ምክያድ እዩ። ናብዞም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕመረት ወይ ዓንድታት ናይ ሓድነት ዝኾኑ ዲሞክራስያዊ መሰላት እዚኣቶም ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ ምስ ተበጽሐ ብሓደ ፖለቲካዊ ቻርተር ወይ መደብ ዕዮ ብኸመይ ነዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕን ናብ ምምስራት ጊዚያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ንምብጻሕ ሓቢርናን ንቃለስ ብውጽኢቱ ቀጺሉ ዝስራዕ ጉዳይ እዩ። እዚኦም ኩሎም ፍታሕ ምስረኽቡ ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን ብዙሕ ዘዛርብ ኣይመስለናን። ንመሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዘውሕሱ መሰረታዊ ሃገራዊ መቆምያታት ኣብቲ ዋዕላ መልሲ ምስረኸቡ እዚ ተሰጊሩ ብሓባር ናይ ምቅላስ ሕቶ ኣብቲ ናይ መጨረሽታ መዕለቢ ዝግበረሉ መድረኽ ምስተበጽሐ ዝኾነ ሓይሊ ይኹን ግዱስ ሃገራዊ ውልቀሰብ ኣብቲ ናይ ሓባር ቃልሲ ዝእተወሉ ግንባር ብፍቃደኝነቱ ክኣቱ ቅሩብነቱ ኣብ ዝርኣየሉ ከምቲ ልክዕ ምሕዝነት ኣብ ውሽጡ ንሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን ንነፍስ ወከፍ ሓይሊ ብቕኑዕን ፍትሓውን መንገዲ ብልዝብ ዝፈትሖ ዝፍታሕ ደኣ'ምበር ምሕዝነት ብኢደ ወነንኡ ንበይኑ ኣይውስንን ጥራሕ ዘይኮነስ ዘይፍትሓውን ዘይመዓርነታውን መንገዲ እውን ኣይኽተልን። ምሕዝነት ንዝኾነ ሓይሊ ማዕረ'ቲ ከበርክቶን ከወፍዮን ዝኽእል ዓቅሚ ነፍስ ወከፍ መሰሉ ሕልው ክኸውን እዩ ዝቃለስ። ኣብ መጀመርታ እውን ሃ.ም.ኤ ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ውሽጡ በዚ መንገዲ'ዚ እንተዘይፈትሕ ነይሩ ክሳብ እዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ክውንነት እምበይበጽሐን ነይሩ። ስለዚ እዚ ጉዳይ'ዚ ብዙሕ ዘዛርብን ክንድዚ ዝኣክል ዘመድር ክኸውን ዘሎዎ ኣይመስለናን። ሃ.ም.ኤ ኣብ ውሽጢውን እንተኾነ ነዚ ሕቶ'ዚ ብዝምልከት ሕቶ ውክልና ናይ ነፍስ ወከፍ ውድብ ወይ ሰልፊ ፍትሓውን ርትዓውን (Just and Fair) ብዝኾነ ኣገባብ ብዝሓሸ መንገዲ ከማዕብሎ ካብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ኣትሒዙ ውሳኔታት ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ናይ መጨረሻ መዕለቢኡ ከብጽሖ መጽናዕ ትታት ዘካይደሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ብዛዕባ'ዚ እቲ ፍርሒ ካብ ሃ.ም.ኤ ክኸውን ዘለዎ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ ካብቲ ብስም ህዝቢ እናተመደረ ኣብ ጭቡጥ ኣታሃላልዋና ሕቶ ውክልና ትኽክለኛ ትርጉሙ ከየትሓዘ ካብ ደረቱ ዝሓለፈ ጥርጠራታትን ስግኣታትን ዝግበር ሽኻት ኣብ ልዕሊኡ እውን ስግኣታትን ጥርጠራታትን ከልዕል ከምዝኽእል ክዝንጋዕ ኣይግባእን። እዚ ክንብል እንከለና ዝኾነ ግዱስ ሃገራዊ ስግኣታቱ ወይ ጥርጠራታቱ ኣይገልጽ ማለትና ኣይኮነን። እዚ ናቱ መሰል'ዩ። ቅድሚ ኹሉ ግን ኻኹሉ ገልቢጥካ ብኹሉ ሽኻት ምርኣይን ምጽናዕን ግን ናይ መጀመርያ ተግባርና ክኸውን ይግባእ። ስለዝኾነ ከኣ'ዩ ዕማም ምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ምሁራን ግዱሳት ሃገራውያን ደኣ እምበር ናይ ውሱናት ተቓወምቲ ውድባት ወይ ሲቪካዊ ማሕበራት ወይ ውልቀሰባት ምሁራንን ግዱሳት ሃገራውያንን ኣይኮነን ንብል። እዚ እንተዘይኮይኑ ሓደ ንሓደ ግዲኡ ኣናኣኢሱ ወይ ሰጊሩ ንግርጭታት ሕብረተሰብናን በብግዚኡ ኣብ ተቓለስቲ ሓይልታቶም ዝኽሰቱ ውሽጣዊ ጸገማትን ኣፈታትሓኦምን ብግቡኡ ተገንዚብካን እንተበቒዕካ ኣብ ምእላዩ ተራኻ ተጻዊትካን ህዝቢ ንቁሕ ተሳትፍኡ ዘረጋግጸሉ መስርሕ ብምጥማት ዝሰፍሐ ምጥርናፍ ክገብር ዝኽእል መርሐ ሓድነት ብምኽታል ምቅላስ እዩ እቲ ቅኑዕ መንገዲ። ካብዚ ወጻኢ ርትዓውን ስነፍልጠታውን ዘይኮነ ኣብ ጽቡቕ ባህግታት ናይ ህዝቢ እናተንጠልጠልካን ስምዒታቶም እናመዝመዝካን ብጸቢብ ውልቃዊ ወይ ጉጅላዊ ሕሳባት ዝህንደስ ኣካይዳታት እንትርፎ ንውድቀት ንዓወት ሃገራዊ ዋዕላ ኣየረጋግጽን። ስለዝኾነ ከኣ ቅድሚ ዝኾነ ግምታት ናትና ሂብና ብይኸውን ምዝራብን ምጽሓፍን ኩልና ኣብ ሃናጺ ናይ ልዝብ መኣዲ ኣቲና እንተተረዳዳእና ደኣ እዩ ዝሓይሽ እምበር ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ ብዝኾነ ሽነኽ ውድብ ይኹን ውልቀሰብ ብዘየገድስ ሕቶ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲ ንምፍታሕ እንዳተቓለስና እንከለና ናይ ዓብላንን ተዓብላልን ባህሪይን መንፈስን ወይ ከኣ ንገለ ሽኻት ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ተርኦም ብምሕጻር ይኹን ወይ ምውሳንን (ምስጋርን) ክረአ እንተዳኣ ኾይኑ መንገዲ ሓድነትን ዓወትን ብጣዕሚ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ከቢድን እዩ ዝኸውን። ስቓይ ናይ ህዝብና ኸኣ ብኡ መጠን እዩ ቅልጡፍ ፍታሕ ኻኽይረክብ ዝገብር።

## ሙሉእ ትሕዝቶ

## መጽሄት ኤርትራዊ ምሕዝነት ቁጽሪ 17

## ኣብ ቀረባ እዋን ክትዝርጋሕ እያ።